
ፓስ ኢሳቕ በራኺ



# ንሱ ንሓጢኣትና ጾሮ!

እዚ ኣብቲ ናይ መበል 25 ዓመታዊ ብስራት Iብረት ወንጌላውያን ጉባኤ፡ ብፓስተር ኢሳቕ በራኺ ካብ ዚተዋህበ ትምህርቲ ሓዘል መልእኽታት ሓደ፡ “ንሱ ንሓጢኣትና ጾሮ”፡ ዚብል እዩ ነይሩ።

ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ፡ ብጽሑፍ ተዳልዩ ኣብ መጽሄት ብስራት ምእንቲ ኺወጽእ እቲ ዜድሊ ናይ ምስንዳእ ጸጸያ ተገይርዎ፡ ካልኣይ ክፋል እንሆ።

> > > ካብታ ዝሓለፈት ሕታም > > >

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ብህይወት ከሎ፡ ካብ ጸልማት ከም ዚወጸ ይፈልጥ ነይሩ። ከምኡ ኸኣ እቶም ቅዱሳን ናይ ቆሎሴ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኸለዉ ካብ ጸልማት ከም ዚወጹ ይፈልጡ ነይሮም።

‘ቀደም ሰይጣን ይገዝኣና ነይሩ። ሕጂ ግና ኣብ ልዕሌና ስልጣን የብሉን፤ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጸልማት ኔርና ሕጂ ግና ካብኡ ወጺእና ኢና’ ዚብል ዓይነት ፍልጠት’ ነይሩዎም።

እምበኣር እቲ እምነቶም እምነትና እንተ ድኣ ኾይኑ፣ እቲ መድሓኒኦም ድማ መድሓኒና እዩ። ካብቲ ወንጌል ወጻኢ ካልእ ሃይማኖት፡ ብልምዲ፡ ብጸኒሒ፡ እንተ ዘይመስረትና፡ ንሕና ድማ ከምኡ ዚምስክር፡ ዚዝረብ፡ እንፈልጦ ኣብ ውሽጥና እተፈጸመ ሓቂ ይህሉ።

ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቕዱሳን ናብ ብርሃን ዘብቅዓና ኣቦ እናመስገንኩ ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ኣውጽኣና ... ናብ መንግስቲ ፍቅሪ ወዱ’ውን ኣእተወና። (ቆሎ 1:12-13)

“ኣውጽኣና ...” ኪብል ከሎ ናይ ሕሉፍ፡ ማለት ናይ ዝኾነ፡ ዚተፈጸመ ኸነት ዘመልክት እዩ። እሞ . . .

ካብ ስልጣን ጸልማት ወጺእካዶ?
ከም ዝወጻእካኸ ትፈልጥዶ ዲኻ?
ኣብ መንግስቲ ፍቁር ወዲ
ኣምላኽ ኣቲኻዶ?
ከም ዝኣቶኻኸ ትፈልጥዶ ኢኻ?
እቲ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ጸልማት
ምንባር ንዓኻ ሕሉፍ ዂነት ድዩ?
ሕሉፍ ምዃኑኸ
ትፈልጥዶ ኢኻ?
ቀደም ነበረ፡ ሕጂ ግና የልቦን ኢልካ
እትነግረሉ ነገር ድዩ?
ሕጂ ኣብ መንግስቲ ወዲ
ኣምላኽ ኣለኻዶ?
ከም ዘለኻ ትፈልጥዶ ኢኻ?

እዚ ፍልጠት እዚ ኣብ ውሽጥና እንተ ድኣ ኣልዩ፡ እቲ እምነት ናይ ሰብ ቆሎሴ ንኣና ድማ እምነትና እዩ።

ንእምነት ብዚምልከት ኣብ ንእሽቶ መግለጺ ከነቕልብሲ፡

ብእምነት እንተ ኣሊኹም ርእስኹም

ፈትኑ። ርእስኹም መርምሩ። ወይስ የሱስ ክርስቶስ ኣባኻትኩም ከም ዘሎዶ ብርእስኹም ኣይትፈልጡን ኢኹም። እንተ ዘይኰነስ መኸታ ዘይተጽንዑ ኢኹም። (2ይ ቆረ 13፡5)

ይብል እሞ፡ ምናልባሽ እታ ርእስኹም እትብል ናይ ትግርኛ ቃል ከምዚ ብሓንጐልካ ወይ ብፍልጠትካ ኹይና ኽትትርጐም ትኽእል እያ፤ ኣብዚ ግና ከምኡ ኣይኰነንትን። ኣብቲ ቋንቋ ግሪኽ "ኢንኣውቱ" እያ።

ኣብ ውሽጥኹም፡ ንስኻትኩም፡ ባዕል ኻትኩም ድማ ተስምዕ። እዚ ድማ ሃይማኖት ስለ ዝኾነ፡ ወይ ኣቦታትኩም ስለ ዝነገርኹም ወይ ካልእት መራሕቲ ናይ ሃይማኖት ወይ መማህራን ስለ ዝነገርኹም ዘይኰነንስ፡ ንስኻትኩም ባዕልኻትኩም፡ ኣብ ውሽጥኹም ንርእ ስኹም ኽትዛረቡዋ ከሎኹም ዓሚቝ ርግጸኛነት ዘለዎ ርትዒ፡ ዚፍለጥ ነገር እዩ ዚብል ዘሎ።

እምበኣር፡ ነፍሲ ወከፍና ኣብ እምነት ምህላውና፡ ንሕና ባዕላትና ንፈልጦ። ክርስቶስ ኣብ ውሽጠይ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ፍልጠት ዘየሎ ሰብ ላንግ-ላንጋ እዩ ዘሎ ማለት እዩ። ሃይማኖት ኪህልዎ ይኽእል፡ እምነት ግና የብሉን፡ ምኽንያቱ ሃይማኖተኛ ምዃን ይከኣል እዩ፡ እምነት ግና ኣይህልዎን።

እታ ቐንዲ ድማ እታ እምነት እያ፡ ምኽንያቱ ሰብ ብእምነት እዩ ዚድሕን። ነቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብ መስቀል ዚጸሮ ሓጢኣትና ብእምነት ኢና እንቕበሎ፡ ናትና ድማ ንገብሮ። ብእምነት ድማ ኣብ ውሽጥና ክዉን ንገብሮ። ከምዚ እንተ ደኣ ኾንና እምነት ኣሎና፤ መኸታ ድማ ነጽንዕ ኢና።

ማለት ብመዓልቲ ንፋስ እቲ ንፋስ ኔው ነጀው ኣየብለናን፣ ብመዓልቲ ውሒጅ ድማ እቲ ውሒጅ ኣይኪወስደናን እዩ ማለት እዩ። ትምክቱ ዚመጽ እንተ መጺ፡ ዘይትነቓነቑ ትኾኑ። እቲ ርትዒ፡ እቲ ሓቂ ኣብ ውሽጥና ስለ ዘሎ ዚመጽ እንተ መጸ ሓይሊ ይኹን ሞት፡ ካብ ውሽጥና ኺፍሕቖ ዚኽእል ሓይሊ የልቦን።

"ንሱ ንሓጢኣትና ኣብ ስግኡ ኣብ ዕጨይቲ ጾሮ"፡ ከምኡ ዜገብሮ ምኽንያት፡ "ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር" ክልተ ዕላማ ዘለዎ እዩ። እታ ምእንቲ ኢሎም ተርጒሞማ ዘለዉ "ሂና" እትብል ካብ ናይ ግሪኽ ቃል መስተጻምር (ሂና ክሎዝ)፡ ናይ ውጽኢት እተመልክት እያ። ስለዚ ንምንታይ ንሓጢኣትና ከም ዚጸሮ ኺነግረና ኽሎ ክልተ ነገራት ንኺፍጽም ከም ዚኾነ የመልክት።

ሓደ፡ ካብ ሓጢኣትና ምእንቲ ኽንመውት ጸይሩዎ። እታ ሞት ኢሎም ተርጒሞማ ዘለዉ ካብ ናይ ግሪኽ ቃል "ኣሞው" እትብል ምርሓቕ እተስምዕ፡ መስተዋድድ እያ።

እታ ኻልኣይቲ ድማ ምዃን እተስምዕ "ጊኖማይ" እትብል ግሲ እያ። ስለዚ ካብ ሓጢኣት ፍሉያት ምዃን፡ ርሑቓት ምዃን፡ ኣብ መንገናን ኣብ መንገ ሓጢኣትናን ዚፈልየሉ ዓይነት ግብሪ እዩ ተፈጺሙ።

እታ ኻልኣይቲ ድማ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር እዩ ጸይሩዎ። እዚ፡ ብሓጺሩ፡ ብቕድስና ምእንቲ ኽንነብር ማለት እዩ።

"ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኰንኩም ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ። ..."። ወዲ ኣምላኽ ንሓጢኣትና ስለ ዚጸሮ ሓጢኣት ኣብ ልዕሌና ስልጣን የብሉን፡ ኺገዝእ ድማ ኣይክእልን።

ብሓጺሩ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ገዛኢ ኰይኑ ዚገዝኣኩም ዚነበረ ሓጢኣት ሕጂ እምቢ ኽትብልዎ ትኽእሉ ኢኹም እዩ ዚብል ዘሎ። ንግናይ ኣመል፡ ንግናይ ልምዲ፡ ንግናይ ጠባይ፡ ንግናይ ወልፊ፡ ንኹሉ እምቢ ኽትብልዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንሓሶት፡ ንቑማር፡ ንዝሙት፡ ንስኽራን፡ ንዕብዳን፡ ወዘተ፡ ኵሉ ደጊም እምቢ ኽትብልዎ ትኽእሉ ኢኹም እዩ ማለት እዩ።

> . . . ከም ሞይቶም ዚተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ብሓጢኣት ኣይትግበርዎ። ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ድኣ ግበርዎ።
>
> እንታይከ ንበል ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ካብ ዘይኰንናስ ሓጢኣትዶ ንግበር? ያእ ኣይፋልናን! ንምእዛዙ ባሮት ክትኰኑ ርእስኹም እትህብዎ፡ ንሓጢኣት እንተ ኰይኑ ንሞት፡ ንምእዛዝ እንተ ኰይኑ ንጽድቂ ነቲ እትእዘዝዎስ ባሮቱ ከም ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ቀደም ባሮት ሓጢኣት ኔርኩምሲ፡ ካብ ሓጢኣት ሓራ ምስ ወጻእኩም ንጽድቂ ተገዛእኩም ነቲ ዝተዋሃብኩሞ ምሳሌ ምህሮ ካብ ልቢ ስለ እተኣዘዝኩምዎ ግና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። **(ሮሜ 6፡13)**

ካብ ሓጢኣት ሓራ ምስ ወጻእኩም ንጽድቂ ተገዛእኩም፡ ከምቲ ናይ ቀደም ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ፤ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ካብ ቁጽጽርኩም ወጻኢ ዚነበረ ኣይኰነን። ሕጂ ኣብ ኢድኩም እዩ፡ ንሓዲኡ ኽትግዝኡ ናትኩም ምርጫ እዩ። ንሓጢኣት ኽትቆጻጸርዎ ወይ ክትግዝእዎ፡ ወይ እምቢ ኣይምብርከኽን ክትብሉዎ ምርጫ ኣለኩም።

ንሓይሊ ወንጌል ትሕት ዚበለ ግምት ኽይንህቦ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ንእሽቶ ፍልጠት፡ ሒደት መጻሕፍቲ ምንባብ፡ በዛ ዕንጨቕሊት ሽክናና እንፈልጦ ኰይኑ ኽይመስለና ንጠንቀቕ።

ንዘክር፡ ደቂ ሰባት፡ ብንእሽቶ ሓጢኣት ባሮት ኴንና እንነብር፡ ኽንታለል እንኽእል ድኹማት ኢና። ሓይሊ ወንጌል ካብ ሓጢኣት ሓራ ዜውጽኣና፡ ካብ ሓይሊ ናይ ሰይጣን ዜናግፈና፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዜሰጋግረና፡ ካብ ናይ ዘለኣለም ኵነኔ ድማ ዜድሕነና ሓያል እዩ።




ብወንጌል ኣይንሕፈር፣ ወንጌል ዘይርድኦ ሰብ የልቦን እሞ፡ ንኹሉ ንንገሮ። ንዘይተማህረ፡ ንምሁር፡ ንጓሳ፡ ንሓረስታይ፡ ንሰታይ፡ ንብሓሸሽን ካልእ ዕጸታትን ዚቦኽቦኽ ይኹን ካልእ፡ ብዘይ ኣፈላላይ፡

ንሹሉ ንንገሮ። ወንጌል ንሹሉ ዚተፈላለየ ዓይነትን ሕብረተ-ሰብን ውልቀ-ሰብን ከም ዚርድኦ ዚተግብረ፡ ሹሉ ኺርድኦ ዚኽእል እዩ እሞ፡ ንዛረበሉ፡ ንንገረሉ።

ወንጌል ሓራ ዜውጽእ ሓይሊ ኣለዎ፡ ከም ዘለዎ ኸኣ ንንገረሉ። ኽነጣዓዕሞ ኢልና ኣይንፈትን። ሰባት ዚቕበልዎ ስለ ዘጠዓዕምናዮ ኣይኰነን። ስለ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ትብዓት፣ ስለ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ርግጸኛነት፣ ስለ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ንሕና ባዕልና ብርእስና እንፈልጦ፡ ኣብ ህይወትና ኽም እተፈጸመ ንዓና ሓቂ ከም ዝኾነ ብዚርአ ዓይነ- መገዲ ኽንነግሮ ከሎና ኣብኡ ድማ ርትዒ መንፈስ ቅዱስ ኪውሰኽ ኸሎ፡ ሹሉ ሰብ እዩ ዚምብርከኽ። ወንጌል ሓያል፡ ሰብ ኺግምቶ ዘይክእል ሓይሊ ኣለዎ።

እቶም ንዓና ኽንዲ ጎቦ ዚኾኑና ሰባት ንኣምላኽ ክንዲ ጎቦ ኣይኰንዎን እዮም። ንሕናስ መሰኻኽር ድኣ እምበር ቐዲ ወንጌል ዝቐደድና መሃንዲሳት ኣይኰንናን። ንሕና ነቲ ኣምላኽ ዚመደቦ ከምቲ ዘለዎ ጌርና ንንገሮ፡ ብድሕሪኡ ኣምላኽ ስርሑ ባዕሉ ኺገብር እዩ።

ሰባት ካብ ሹሉ መዳያት፡ ካልእ እምነት ዚነበሮም፡ ካልእ ሃይማኖት ዚተኸተሉ፡ ዓበይቲ ኢና ሰበ-ስልጣናት፡ ኢና ዚብሉ፡ ሃብታማት ኢና ኢሎም ዚዕበዩ ኺመጹ ኽንርኢ ኢና።

ሹላቶም ነታ ሓርነት ናይ ወንጌል ምስ ጠዓሙዋ ድማ ፍልልይ ዜብሎም ሓደ ምዃኖም ኽነስተብህለሎም ኢና።

ህላውነት ኣምላኽ ዘይኣምን ዚነበረ ሓደ ሰብ ንሓደ ኣማኒ ዓርኩ ኬካይዶ ሹሉ ሳዕ ንቤተ-ክርስትያን ይኸይድ። ሓደ እዋን ተኻቲዑ፡ “. . . እንተ ድኣ ኣልዩስ ርእሱ ይግለጸለይ፡ ብብርሃን ይውቅዓኒ ይብል።”

ኣየ! እንታይ ከም እንሓትት፡ ንመን ንብድህ ከም ዘሎና እንተ ንፈልጥ! ኰነ ድማ፡ ሓደ እዋን፡ ንእኡ ጥራይ

> ወንጌል ንሹሉ ዚተፈላለየ ዓይነትን ሕብረተ-ሰብን ውልቀ-ሰብን፡ ሹሉ ኺርድኦ ዚኽእል እዩ እሞ፡ ንዛረበሉ፡ ንንገረሉ።

ብዚፍለጠ ወቕዮ። ንብዓቱን ንፋጡን ሹሉ ተሓዋዊሱ ንገጹን ኣፉን መሊእዎ፡ “ጐይታይ” በለ።

ሓይሊ ወንጌል ጐይታይ ዜብል ሓይሊ እዩ። ጳውሎስ ሓይሊ ወንጌል ምስ ወቕዮ እታ ቐዳመይቲ ካብ ኣፉ ዚወጸት ቃል “ጐይታይ” እያ ነይራ። ሓይሊ ወንጌል ብርቱዕ እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቆረንቶስ፡ እቲ ዘረባይ ብዜስድዕ መገዲ ኣይነበረን ኺብሎም ከሎ (1ይ ቆረ 2፡5)፡ ነቲ ቃል ወንጌል ኽንነግሮ ኸሎና፡ ኣብ ናትና ፍልጠት፡ ኣብ ናትና ምስትውዓል፡ ዚሞርኰሰ፡ ብናትና ጥበብ ዝተበገሰ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ነቲ እምነቶም ኣብኡ ንኽስረት ንገብሮም እሞ፡ ንሕና ኽንወድቕ ኸሎና ኺወድቁ፡ ቀዲሞምና እውን ኺወድቁ ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ።

ብእንጻሩ፡ እቲ እምነቶም ኣብ ስልጣን ኣምላኽ እንተ ድኣ ተሰሪቱ ግና፡ እቲ ተሰሪቶምሉ ዘለዉ ይፈልጥዎ እዮም። ስለዚ ንሕና እንተ ወደቕና ይጸንዑ፣ ንሕና እንተ ዘየሎና ይጸንዑ፡ እንተ ረሃወ ይጸንዑ፣ እንተ ጸበበ ይጸንዑ። እቲ ሓቀኛ ሓርነት ብወንጌል

እዩ ዚርከብ። ሓቀኛ ነጻነት ብወንጌል እዩ ዚርከብ።

ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር፡ ካብ ሓድሕድካ ዚፈሊ፡ ስነ-መሎኮታዊ ትምህርቲ ተባሂሉ፡ ዚተፈላለየ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣሎ። ንምሳሌ፡ ናይ ደቀ’ንስትዮ፡ ናይ ጸለምቲ ከምኡ’ውን ናይ ካልኦት ዚብሃል ነገራት ኣሎ። እሞ፡ ኵላቶም ካብ ካልኦት ዚፈልዮም ስነ-መለኮታዊ ኣተሓሳስባ ኺሕንጽጹ ይፍትኑ፤ ምስቲ ዜውጽእዎ ፖሊሲታት ኼተሓሕዝዎ ድማ ይደልዩ። እሞ፡ ነቲ ወንጌል ከም መሳርሒ ተጠቂሞምሉስ ምስቲ ሕብረተ-ሰብ ዜውጽኦን ኪኽተሎ ዚደልን ኣተሓሳስባ ድማ ከም ገለ ኽመዓራርይዎ ይደልዩ።

ወንጌል ምስ እቲ ሰብ ኺኣምኖን ንኺጥዕሞ ድማ ኪኽተሎ ዚደልን ንኺሰማማዕ ወይ ንኺማዓራረ ኣይኰነን። ወንጌልሲ ካብ ሓጢኣት ዜውጽእ ሓራ ሓይሊ ኣለዎ፣ ወንጌል ካብ ሰይጣን ዜውጽእ ሓይሊ ኣለዎ። ወንጌል ካብ ናይ ዘለኣለም ኵነኔ ሓራ ዜውጽእ ሓይሊ ኣለዎ። ሰብ ኣብ ውሽጡ ሓራ እንተ ድኣ ወጺኡ ኣብቲ ናይ ዕለታዊ መኖባብሮን ምስ ሕብረተ-ሰብ ኣወሳስኣን ኺመዓረረን ኺዕረን ጸገም የብሉን።

ካብ ዴሳዊ ፍልስፍና (Communism) ንላዕሊ ዚምስጥ ስርዓተ-ናብራ ካልእ ዳርጋ የልቦን። ግና ሰብ ኣብ ውሽጢ ሓጢኣት ስለ ዘሎ፡ እቶም ኣብ ልዕሊ ሰባት ናይ ምቁጽጻርን ምጽቃጥን እንኮ ስልጣን (Dictators) ዚውንኑ ውልቀ-ሰባት ካብኡ እዮም ዚምንጭዉ። እዚ ድማ ብሰሪ እቲ ዚኽተልዎ ፍልስፍና፡ ወይ ዚሕንጽጽዎ መስመር ወይ ዚመሃዝዎ ኣመሓድራ ኣይኰነን።

ሰብ ብተፈጥሮኡ ሓጢኣተኛ ኰይኑ፡ ባርያ ሓጢኣት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ውሽጡ ሓራ እንተ ድኣ ዘይወጺኡ፡ ዋላ’ውን ጽቡቅ መምርሕን ዲግ ዚበለ ፖሊስን እኳ እንተ ጸሓፈ ኣብ ልዕሊኡ ዚቆጻጸሮ እንተ ዘየልዩ፡ ከም ዚተፈትሐ ኣራዊት እዩ። እዚ እቲ ሓጢኣት ድኣ እዩ ከምኡ ንኺኽውን ዚገብሮ ዘሎ እምበር እቲ ሰብ ክፉእ ኰይኑ ወይ ድማ ክፉእ ንምኳን ስለ ዚደለየ ኣይኰነን።

እቲ ካብ ሓጢኣት ሓራ ዜውጽእ ድማ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እቲ ወዲ ሓራ እንተ ድኣ እውጺኡኩም ብርግጽ ሓራ ውጽኣት ኢኹም።

እዚ ኺንዛረበሉ ዚጸናሕና፡ መሰረት ዚኾነትና ጽሕፍቲ ካብ ናይ መልእኽቲ ጴጥሮስ ተመሊስና ንርኣያ፡

> ንሓጥያት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕጨይቲ ጾሮ፡ . . . ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ሕጂ ግና ናብቲ ጓሳኹምን ሓላው ነፍሳትኩምን ተመሊስኩም ኣሎኹም። (1ይ ጴጥ 2:24-25)

እዚ ኹሉ ኺገብር ከሎ ጥፉኣት ኢና ኔርና፤ ኣብ መስቀል ኪስቀል ከሎ ጥፉኣት ኢና ኔርና፤ ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኢና ኔርና። ምስ እተባረረት፡ ፈጺማ እዝኒ ዘይብላ ብሃም እንስሳ፡ በየን፡ ናበይ ትኸይድ ከም ዘላ ዘይትፈልጥ ኢና ኔርና።

ኣበይ በየን ከም ዘሎኻ እናሓበርካያ ትም ኢላ ደኒና እትኸይድ፡ ከም በጊዕ ርእየ ኣይፈልጥን። መን ምኳንኩም፡ ካበይ መጺእኩም ናበይ ትኸዱ ከም ዘለኹም ዘይትፈልጡ ትም ኢልኩም እትህውትቱ ዚነበርኩም፡ ዝተባረርኩም ኣባጊዕ ኢኹም ኔርኩም እዩ ዚብለና ዘሎ።

እሞ፡ ነዚኣ ንኺፈልጡ ነዚኣ ንኺምልሱዶ ኣይኰነን እዚ ኹሉ ናይ መዋእላት ፍልስፍና፣ ማለት መን ኢና? ካበይ መጺእና? ንምንታይ ንነብር ኣሎና? ናበይ ንኸይድ ኣሎና? ኺምልሱዶ ኣይኰነን እዚ ኹሉ ዓመታት ወሲድሎም ዘሎ? ክሳዕ ሕጂ'ውን ዚወስደሎም ዘሎ።

ወዮ ድኣ ሰብ ኵለል ኪብል እምበር ብሓጺሩ መልሲ ኺረክብ ኸም ዚኽእል ዘይሓስብ ኰይኑ እዩ እምበር እቲ መልስስ ኣብቲ መጽሓፍ ኣሎ። እዚ ኹሉ ኣቡነ-እከለ፡ ኣባ እክለ ከምዚ ኢሉ ከምቲ ድማ ኣርእዩ፡ ኣብ ከምዚ ሓሊሙ ዚብል ዘሎ እኳ ሓራ ኺወጽእ፡ መገዲ ደልዩ፡ መፍትሒ ደልዩ እዩ ኵለል ዚብል ዘሎ።

እቲ መፍትሒ ኣበይ ከም ዘሎ፡ ኣየናይ ምኽኑ ስለ ዘይፈልጠ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣቡነ-እከለ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባ እከለ፡ መልኣኽ እከለ ይጥምት። ካልእ'ውን ከምኡ በብግዚኡ እተወሰኸን እተወሳሰኸን፡ ብዙሕ ኣሎ። ንምሳሌ፡ ሓደ ኣምሓርኛ ዚዛረቡ ግእዝ ድማ ዚርድኡ ፈላሲ፡ ኣብቲ ቅዳሴ ንጎቦታት ናይ ግብጺ ዚውድስ ከይተረፈ ብዙሕ ከም ዘሎ'ውን ኺዛረቡ ሰሚዐዮም ኣሎኹ። ብግእዝ እዩ፡ ካብ ዓረብ ከም እተተርጐመሎም ኣይፈልጥዎን እዮም። እቲ ዓረብ'ውን ስለ ዘይፈልጥዎ እንታይ ይብል ከም ዘሎ ኣይግንዘብዎን።

እሞ፡ እዚ ኹሉ ሃይማኖታት፡ እዚ ኹሉ ፍልስፍናታት ንምንታይ እዩ እንተ ድኣ ኢልና፡ እቲ መልሱ ከቢድ ኣይኰነን፣ ምእንቲ ኽንፈልጥ፤ እቲ ምፍላጥ ከኣ፡ ሓራ ኽንወጽእ ስለ እንደሊ እዩ። ሓጥኣን ስለ ዝኾንና ኣብቲ ውሽጥና፡ ትርጉም ከም ዝሰኣንና፡ ከም እተባረርና፡ ናትና ደንበ ከም ዘይንፈልጥ እሞ፡ ክንፈልጥ ስለ እንደሊ ሃሰውሰው ኢና እንብል ዘሎና ማለት እዩ።

ሰባት ከምዚ ኢሎም ሃሰውሰው ኪብሉ ኸለዉ "... ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኔርኩም። ሕጂ ግና ..." ኣፍራሲት፡ ነቲ ምብራር ድማ ለውጢ ከም ዚመጾ እተርኢ ብምኻና፡ እዛ "ግና" እትብል ቃል ኣዝየ እየ ዚፈትዋ።

እሞ፡ ጥፉኣት ኔርኩም፡ ሕጂ ግና በቲ ጓሳኹም ተረኺብኩም፣ ትርጉም ዘይብሉ ህይወት ትነብሩ ኔርኩም፡ ሕጂ ግና ትርጉም ናብራ ህይወትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ናብቲ ጓሳኹምን ሓላው ነፍሳትኩምን ተመሊስኩም ኣሎኹም"።